# ካልኣይ ኣርእስቲ ጽሑፋት ክርክር

## *ምዕራፍ 1. - ሓፈሻዊ ድንጋገታት*




**ዓንቀጽ 133. - ፍርዳዊ ጉዳይ ብኽሲ ይጅምር**

(1) ንጥርዓናትን ኣቤቱታን ዚምልከት ድንጋገታት ናይዚ ሕጊ ገዲፍካ፡ ነፍስ-ወከፍ ጉዳይ ምልክታ ክሲ ኣብ መዝገብ ቤት ፍርዲ ብምስፋር ይኽፈት።

(2) ነፍስ-ወከፍ ክሲ ኣብዚ መጽሓፍ ብዝሰፈሩ ሕግታት መሰረት ይዳሎ።

**ዓንቀጽ 134. - መዝገብ ክሲ**

ኣብ ዓንቀጽ 159 ዝተደንገገ ዝተሓለወ ኰይኑ፡ ረጂስትራር ዝርዝር ናይ ነፍስ-ወከፍ ክሲ ኣብ መዝገብ ሲቪላዊ ኽስታት ከም ዚምዝገብ ይገብር። ከምዚ ዝኣመሰለ እታው ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዓመት በቲ ኽሲ ዝቐረበሉ መስርዕ መሰረት ቍጽሪ ይወሃቦ።

**ዓንቀጽ 135. - ናይ ዳንነት ክፍሊት**

(1) ዝኾነ ኽሲ ብመሰረት ዓንቀጽ 160 ግቡእ ዳንነት ከይተኸፍሎ ኣይክፈትን።

(2) ናይ ተኸሳስነት ክሲ ዝሓዘ መልሲ ኣብ ዚቐርበሉ ግዜ ግቡእ ዳንነት ይኽፈለሉ።

**ዓቀንጽ 136. - ኣቀራርባ ኽሲ**

(1) ነፍስ-ወከፍ ክሲ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብቶም ዘከራኽሩ ጉዳያት ናይ መወዳእታ ውሳነ ንምሃብ ብዘኽእልን ነቶም ጉዳያት ብዘርኢ ሓድሽ ክርክር ብዘወግድን ኵነታት ይዳሎ።

(2) ከሳሲ ንጉዳዩ ናብ ካልእ ክለ-ስልጣን ዘይነበሮ ቤት ፍርዲ ንምቕራብ ምእንቲ ኪኽእል ዝኾነ ክፋል ናይቲ ኽሲ ብፍላጥ ኣብ ዝሓድገሉ ኵነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ነፍስ-ወከፍ ክሲ ነቲ ንኽሲ ምኽንያት ዝኾነ ጉዳይ ብምሉእ የጠቓልል።

(3) ከሳሲ ገለ ኽፋል ናይ ክሱ ብሸለልትነት ወይ ብፍላጥ ኣብ ክሱ ከየጠቓለሎ ምስ ዝተርፍ፡ ነቲ ዝተረፈ ክፋል ኣመልኪቱ ሓድሽ ክሲ ከቕርብ ኣይክእልን።

(4) ሓደ ሰብ፡ ካብ ሓደ ክሲ ዚነቐለ ካብ ሓደ ንላዕሊ ሕቶታት ዳንነት ከቕርብ መሰል ሃልዩዎ ኸብቅዕ፡ ብዘይፍቃድ ቤት ፍርዲ፡ ንገለ ካብኣቶም ሕቶታት ዳንነት ኣብ ክሱ ከየጠቓለሎም ምስ ዝተርፍ፡ ነቶም ከይተጠቓለሉ ዝተረፉ ሕቶታት ኣመልኪቱ ሓድሽ ክሲ ከቕርብ ኣይክእልን።

<u>ዓንቀጽ 137. - ትሕዝቶ ጽሑፋት ክርክር</u>

(1) ጽሑፋት ክርክር ክሲ፡ መልሲ፡ ክሲ-ተኸሳሲ፡ መዘክር ይግባይ፡ ኣብኣቶም ዝግበር ምምሕያሽ፡ መመልከቲ ወይ ጥርዓን፡ ከምኡውን መስርሕ ክርክር ንምብጋስ ወይ ንምብዳህ ዚቐርብ ዝኾነ ሰነድ የጠቓልል።

(2) ነፍስ-ወከፍ ጽሑፍ ክርክር ብቀለም ተጻሒፉ ወይ ብጽሕፈት መኪና ተጻሒፉ ይቐርብ፡ ከምኡውን ሓጺር መግለጺ ናይቲ ንኽሲ ወይ መልሲ ምርኩስ ዝኾነ ኣድላዪ ክውንቶ ጥራይ የጠቓልል።

(3) ብሕጊ ዝተኣዘዘ ቅጥዒ ክሕዞ ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ዝርዝር ክኣቱ ኣድላዪ ምስ ዚኸውን፡ እቲ ኽኣቱ ኣድላዪ ዝኾነ ዝርዝር ምስ ዕለትን ከም ኣድላይነቱ ምስ ዚርዝር ኣብቲ ጽሑፍ ክርክር ይሰፍር።

(4) መጠን ገንዘብን ቊጽርታትን ብቃላትን ብኣሃዝን ይጥቀሱ፡ መጠን ገንዘብ ብናይ ወጻኢ ሃገር ባጤራ ኣብ ዝተረቑሓሉ ኹነታት ድማ መጠኑ ብናይ ኤርትራ ባጤራ ይምልከት።

(5) ኣብቲ መስርሕ ዳንነት ሓደ ኻብ ተኸራኸርቲ ወገናት እኹል ፍልጠት ናይ ሕጊ ብዘይምህላዉ ምኽንያት ነዞም መምዘኒታት ከማልኦም ከም ዘይከኣለ ንጹር ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኵነታት ንክልቲኣቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ብምሕባር እቲ ዘየማልአ ወገን ነቲ ዝተረፎ ኣማሊኡ ኺቐርብ ዕድል ይህቦ።
(6) ድንጋገታት ንኡስ-ዓንቀጽ (5) ኣብ ዚስዕቡ ዓናቕጽውን ተፈጻምነት ኣለዎ።

<u>ዓንቀጽ 138. - ቅድመ-ኹነት</u>

ምፍጻሙ ወይ ም'ግጣሙ ከኸራኸር ዝተመደበ ዝኾነ ቅድመ-ኹነት ብብሩህ ተነጺሩ ይጥቀስ፡ ከምኡውን ንዕኡ እናተገዝአ ንጕዳይ ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ኣድላዪ ዝኾነ ንምፍጻም ወይ ምግጣም ናይ ኵሎም ቅድመ ኵነታት ዚምልከት መግለጺ ኣብቲ ምጕት ይቐርብ።

<u>ዓንቀጽ 139. - ሓድሽ ክውንቶ</u>

ከከም ኵነታቱ ከሳስን ተኸሳስን፡ ኣብ ጽሑፈ-ኽርክሩ እቲ ኽሲ ወይ ክሲ-ተኸሳሲ ብቑዕ ምኽንያት ከም ዘይብሉ ዘርኢ ኵሉ ነጥብታት ወይ እቲ ትውጊት ብመንጽር ሕጊ ውዱቕ ወይ ወዳቒ ምዃኑ፡ ወይ ከከም ኵነታቱ ኵሉ ምኽንያት መከላኸሊ ወይ መልሲ ማለት፡ ከይተላዕለ እንተ ተሪፉ ነቲ ኻልእ ወገን ሃንደበት ከይኮኖ ዘይተርፍ ዚብሃል ወይ ካብቲ ዝቐደመ ጽሑፈ-ኽርክሩ ዘይብገስ ናይ ክውንቶ ነጥብታት ብዘይ እኹል ምኽንያት ከይልዓል፡ ኵሉ ነገራት ኣብ ጽሑፈ-ኽርክሩ ይግለጽ።

<u>ዓንቀጽ 140. - ሓድሽ ምኽንያት ክሲ ወይ ምጕት</u>

ምምሕያሽ ኣብ ዝፍቀደሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ዝኾነ ጽሑፈ-ኽርክር ሓድሽ ባይታ ወይ ክሲ ወይ ምስቲ ኣቐዲሙ ዝቐረበ ጽሑፈ-ኽርክር ዘይቃዶ ዝኾነ ምጕት ከልዕል ኣይፍቀድን።

*ዓንቀጽ* 141. - *ክሕደት ንጹር ይኸውን*

*ተኸሳሲ ኣብ መልሱ ኣብ ክሲ ንዝቐረቡ ምኽንያታት ብሓፈሻዊ ኣገባብ ምንጻግ፡ ወይ ከሳሲ ብተኸሳሲ ንዝቐረበሉ ክሲ-ተኸሳሲ ኣብ ዝምልሰሉ እዋን ነቶም ምኽንያታት ክሲ ብሓፈሻዊ ኣገባብ ምንጻግ እኹል ኣይከውንን። እንታይ ደኣ ንኻሕሳ ብዚምልከት እንተ ዘይኲይኑ፡ ነፍስ-ወከፍ ተኸራኻሪ ወገን ሓቅነቱ ንዘይተቀበሎ ነፍስ-ወከፍ ምጕት ክውንቶ ብንጹር ሓደ ብሓደ መልሲ ይህበሉ።*

*ዓንቀጽ* 142. - *ክሕደት ውዕል*

*ኣብ ዝኾነ ጽሑፈ-ኽርክር፡ ውዕል ከም ኣካል ናይ ክርክር ኲይኑ ምስ ዚጥቀስ፡ በቲ ኣንጻር ወገን ዚቐርብ ንጽገት ውዕል፡ ንሕጋውነት ወይ ብቕዓት ናይቲ ውዕል ብመንጽር ሕጊ ምንጻግ ዘይኲነስ፡ ነቲ ውዕል ከም ክውንቶ ወይ ህላወ ውዕል ኪእምቱ ንዝኽእሉ ናይ ክውንቶ ጕዳያት ጥራይ ከም ምንጻግ ይትርጐም።*

*ዓንቀጽ* 143. - *ሳዕቤን ሰነዳት ይግለጽ*

*ትሕዝቶ ናይ ዝኾነ ሰነድ ነቲ ጕዳይ ኣገዳሲ ምስ ዚኸውን ወይ ሓደ ተኻራኻሪ ወገን ንዝኾነ ሰነድ ምስ ዚጠቅስ፡ ሳዕቤኑ ኣብቲ ጽሑፍ ክርክር ምግላጽ እኹል ኣይከውንን። እንታይ ደኣ እቲ ሰነድ ኣዝዩ ሰፊሕ ብምኳኑ እቲ ተኸራኻሪ ወገን ብርትዓዊ መገዲ ቅዳሕ ናይቲ ኣብ ጽሑፍ ክርክር ዝተወከሶ ክፋል ናይቲ ሰነድ ጥራይ ከተሓሕዝ ኣብ ዝኽእለሉ ኵነታት እንተ ዘይኲይኑ፡ ኣብ እጀታኡ ናይ ዘሎ ሰነድ ቅዳሕ ምስቲ ጽሑፍ ክርክር ኣተሓሒዙ የቕርብ።*

*ዓንቀጽ* 144. - *ኵነተ-ኣእምሮ*

*ናይ ዝኾነ ሰብ ክፍኣት፡ ናይ ምትላል ሓሳብ፡ ፍልጠት ወይ ካልእ ኵነተ-ኣእምሮ ኣብ ክርክር ምጥቃሱ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ፡ እዚ ነገራት እዚ ኪእመተሉ ዚከኣል ኵነታት ከይዘርዘርካ ነዚ ነገራት እዚ ከም ክውንቶ መጠን ምጥቃስ እኹል ይኸውን።*

*ዓንቀጽ* 145. - *ስምዕታ*

*ብዛዕባ ዝኾነ ክወንቶ፡ ጕዳይ ወይ ነገር ንዝኾነ ሰብ ዝተገብረ ስምዕታ ኣብ ክርክርካ ምጥቃስ ነቲ ጕዳይ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ፡ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ምልክታ ቅጥዒ ወይ እቲ ልክዕ ኵነታት ወይ እቲ ኸምዚ ዝአመሰለ ስምዕታ ኪእመተሉ ዝከኣል ኵነታት ነቲ ጕዳይ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት እንተ ዘይኲይኑ፡ ናይቲ ስምዕታ ቅጥዒ ወይ እቲ ልክዕ ኵነታቱ ወይ እቲ ስምዕታ ዚእምተሉ ኹነታት ከይዘርዘርካ፡ ነቲ ስምዕታ ከም ክውንቶ ምጥቃስ እኹል ይኸውን።*

*ዓንቀጽ* 146. - *እ'ሙት ውዕል ወይ ዝምድና*

(1) *ኣብ መንጎ ዝኾኑ ሰባት ዝኾነ ውዕል ወይ ዝምድና ምህላዉ ካብ ሓደ ኵነታት ኣብ ዝተኣመተሉ ግዜ፡ ነቲ ውዕል እቲ ወይ ዝምድና እቲ ከም ናይ ክውንቶ ክርክር ምጥቃስ፡ ነቲ ኹነታት ድማ ብዝርዝር ከይገለጽካ ብሓፈሻ ምጥቃስ እኹል ይኸውን።*

(2) *ኣብ ንኡስ-ዓንቀጽ* (1) *ብዝተደንገገ መሰረት ዝምጕት ሰብ፡ ካብቲ ዝተጠቕሰ ኲነታት ብዝተኣመተ ደረጃ ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣብ ዝኾነ ውዕላት ወይ ዝምድናታት ብኣማራጺ ኪምልሽ ምስ ዚደሊ፡ ነዚ ነገር ከም ኣማራጺ ኪገልጽ ይኽእል።*

*ዓንቀጽ* 147. - *ሕጋዊ ግምታት*

እቲ ነገር ኣቐዲሙ ብንጹር ዝተነጸገ ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት እንተ ዘይኮይኑ፡ ዝኾነ ተኻራኻሪ ወገን ኣብ ዝኾነ ምኑት፡ ሕጊ ንረብሓኡ ዝገመቶ ወይ ብመርትየ ናይ ምርዳእ ሓላፍነት ኣብ ልዕሊ እቲ ኻልእ ወገን ዘንበሮ ናይ ክውንቶ ክርክር ብንጹር ምጥቃስ ኣየድልዮን።

<u>ዓንቀጽ 148. - ምምሕያሽ ጽሑፈ-ኽርክር</u>

(1) ቤት ፍርዲ ብቑዕ ምኽንያት ምህላዉ ኣብ ዚዓግበሉ ኹነታት፡ ፍርዲ ቅድሚ ምሃቡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ቅኑዕ መሲሉ ዝተራእዮ ኣገባብን ክሳራን ብምእዛዝ፡ ዝኾነ ካብ ተኸራኸርቲ ወገናት ጽሑፈ-ኽርክሩ ንኺቅይር ወይ ንኺመሓይሽ ክፍቅድ ይኽእል። ኵሉ እዚ ምቅያርን ምምሕያሽን ንተኸራኸርቲ ወገናት ዘከራኽር ዘሎ ሕቶታት ንምውሳን ኣድላዪ ምስ ዚኸውን ይግበር።

(2) ብቤት ፍርዲ ተወሳኺ ግዜ ኣብ ዝተዋህበሉ ኹነታት እንተ ዘይኮይኑ፡ ጽሑፈ-ኽርክሩ ንኺመሓይሽ ትእዛዝ ዝረኸበ ወገን ኣብ ውሽጢ እቲ ብቤት ፍርዲ ዝተወሰነ ግዜ ከየመሓየሸ ምስ ዝተርፍ፡ ብድሕሪኡ ከመሓይሽ ኣይፍቀድን።

(3) ቤት ፍርዲ ብተበግሶኡ ወይ ብኣመልካትነት ሓደ ኻብ ተኸራኸርቲ ወገናት፡ ቅኑዕ መሲሉ ዝተራእዮ ኽሳራ ብምውሳን፡ ዝያዳ ዝርዝራውን ዝሓሸን ኣቀራርባ ኽሲ ወይ መልሲ ወይ ዝያዳ ዝርዝራውን ዝሓሸን ኣቀራርባ ዝኾነ ኣብ ክርክር ዝተገልጸ ጕዳያት ንኺቐርበሉ ኪእዝዝ ይኽእል።

(4) ቤት ፍርዲ ዘየድሊ ወይ መትከር ወይ ንፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ናይቲ ጕዳይ ዘሰናኽል ወይ ዘደናጕ ዝኾነ ነገር ኣብ ዝኾነ ግዜ ካብቲ ጽሑፈ-ኽርክር ኪወጽእ ወይ ኪመሓየሽ ኪእዝዝ ይኽእል።

(5) ኣብ ጽሑፈ-ኽርክር ዝተገብረ ምምሕያሽ፡ ነቲ ጕዳይ ናብ ክለ-ስልጣን ናይ ዝለዓለ ቤት ፍርዲ ዘእቱ ምስ ዚኸውን፡ እቲ ኽሲ ዝተመስረተሉ ቤት ፍርዲ ነቲ ጕዳይ ናብቲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ የመሓላልፎ።

<u>ዓንቀጽ 149. - ተወሳኺ ሓበሬታ</u>

እቲ ሕቶ ኣብ ዝኾነ መግለጺ ዝኣተወ ወይ ኣብኡ ዝተጠቕሰ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ፡ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝኾነ ግዜ ተኸራኻሪ ወገን ኣብ መስርሕ ዳንነት ንዚርከብ ዝኾነ ዘከራኽር ሕቶ ንኺብርህ ወይ ምስ ከምዚ ዝመስል ሕቶ ብዝተኣሳሰር ጕዳይ ተወሳኺ ሓበሬታ ኪህብ ክእዝዝ ይኽእል።

<u>ዓንቀጽ 150. - ጽሑፈ-ኽርክር ኪፍረም ከም ዚግባእ</u>

ነፍስ-ወከፍ ጽሑፈ-ኽርክር በቲ ተኸራኻሪ ወገን ወይ ብወዳኢ ነገሩ፡ ወይ ተኸራኻሪ ወገን ብብቑዕ ምኽንያት ኪፍረም ኣብ ዘይክእለሉ ኹነታት፡ ነቲ ጹሑፍ ኪፍርም ወይ ኣብ ክንድኡ ኪፍጽም ብእተወከለ ዝኾነ ኻልእ ሰብ ይፍረም።

<u>ዓንቀጽ 151. - መረጋገጺ ሓቅነት</u>

(1) ብሕጊ ብግልጺ ዝተፈልየ ኣብ ዝተደንገገሉ ኹነታት እንተ ዘይኮይኑ፡ ነፍስ-ወከፍ ጽሑፈ-ኽርክር እቲ ኣብኡ ዝተገልጸ ክውንቶን ክርክርን ሓቂ ምዃኑ ብተኸራኻሪ ወገን ወይ ብወዳኢ ነገሩ ብጽሑፍ ይረጋገጽ።

(2) ብኩባንያ ወይ ኣንጻር ኩባንያ ኣብ ዝተመስረተ ጕዳያት ዝኾነ ጽሑፈ-ኽርክር በዚ ዓንቀጽ እዚ ከም ዝተደልየ ኣብ ክንዲ ኩባንያ ብሰክረታሪ ወይ ብዝኾነ ዳይረክተር

ወይ ዝኾነ በቲ ኲባንያ ዝተመዘዘን ክውንቶታት ናይቲ ጉዳይ ከርጋግጽ ኣኽእሎ ብዘሎዎን ብዓል መዚ እቲ ኲባንያ ኪፍረምን ብጽሑፍ ይረጋገጽ።

(3) ብመንግስቲ ወይ ኣንጻር መንግስቲ ኣብ ዝተመስረተ ጉዳያት፡ ዝኾነ ጽሑፈ-ኽርክር መንግስቲ ብሓፈሻ ወይ ብፍሉይ ትእዛዝ ነዚ ዕላማ ብዚመዘዞ ሰብ ይፍረም፡ ከምኡውን መንግስቲ በዚ ኣገባብ ኪምዝዞ ብዚኽእል ምስ ክውንቶ ናይቲ ጉዳይ ሌላ ብዘሎዎ ዝኾነ ሰብ፡ ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ ብጽሑፍ ይረጋገጽ።

(4) ከም መሻርኽቲ መጠን ብስም ሽርክና ኣብ ዝኸሰሉ ወይ ኣብ ዚኸሰሱሉ ኩነታት ዝኾነ ጽሑፈ-ኽርክር ብሓደ ኻብዞም ሰባት እዚኦም ኪፍረምን ኪረጋገጽን እኹል ይኸውን።

(5) ቤት ፍርዲ ዝኾነ ጽሑፈ-ኽርክር ከየረጋገጸ ንዘቕረበ ተኸራኻሪ ወገን ጉድለቱ ኪእርም ክእዝዞ ይኽእል።

(6) ሓደ ተኸራኻሪ ወገን ኣብ ትሕትዚ ዓንቀጽ ዝተዋህበ ትእዛዝ ምስ ዘየኽብር፡ ዋላውን ቤት ፍርዲ ነቲ ጽሑፈ-ኽርክር ኣይሰርዞ፡ ነቲ ጽሑፈ-ኽርክር ከም መርትየ ናይቶም ኣብኡ ዝተዘርዘሩ ጭብጥታት ኪወስዶ ኣይክእልን። እቲ መከራኽርቱ እቲ ጽሑፈ-ኽርክር ኪሰረዝ ንቤት ፍርዲ ከመልክት ይኽእል።

<u>ምዕራፍ 2. - ክስን መልስን</u>

<u>ዓንቀጽ 152. - ትሕዝቶ ኽሲ</u>

(1) ነፍስ-ወከፍ ክሲ ነዞም ዚስዕቡ የጠቓልል፤

(ሀ) ክሲ ናይ ዝተመስረተሉ ቤት ፍርዲ ስምን ኣድራሻን፡

(ለ) ኣርእስቲ ኽሲ፡

(ሐ) ኣሽማት፡ መግለጺ፡ መንበሪ ቦታን መጸዋዕታ ዚበጽሓሉ ኣድራሻ ከሳስን ተኸሳስን፡

(መ) ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ሕጋዊ ብቕዓት ዘይብሎም ሰባት ምስ ዚኾኑ፡ ነዚ ዘረድእ መግለጺ፡

(ረ) ከሳሲ ብውክልና ኣብ ዝኸሰሉ ኩነታት፡ በየናይ ዓይነት ውክልና ይኸስስ ምህላዉ ዘረድእ መግለጺ፡

(ሰ) ምኽንያት ክሲ ምህላዉ ዘረድእ መግለጺ ክውንቶታትን፡ መኣስን ኣበይን ከም ዘጋጠሙ፡

(ሸ) ቤት ፍርዲ ክለ-ስልጣን ከም ዘሎዎ ዘርኢ ክውንቶታት፡

(ቀ) ተኸሳሲ እቲ ጉዳይ ከም ዚምልከቶን ነቲ ጉዳይ ተሓታቲ ምዃኑ ዘርኢ ክውንቶታት፡

(በ) ግቡእ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት፡ ግምት ክሲ።

(2) ብመንግስቲ ወይ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኣብ ዝተመስረተ ክስታት፡ ናይ ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ስም፡ መግለጽን መንበሪ ቦታን ኣብ ክንዲ ምግላጽ፡ ግቡእ ስም ናይቲ ዚምልከት ምምሕዳርዊ ኣካል ጥራይ ምጥቃስ እኹል ይኸውን።

ዓንቀጽ 153. - ጥብቆታት

(1) ከሳሲ ነዞም ዚስዕቡ ምስ ክሱ ኣተሓሒዙ የቕርብ፤

(ሀ) ምሉእ ምኽኑ ዝተረጋገጸ ዝርዝር ናይቶም ኣብ ምስማዕ ጉዳይ ኪጽውዕ ዘሎዎም መሰኻኽር፡ ምስ ምሉእ ኣሽማትን ኣድራሻን ዝተጸዉዑሉ ዕላማን፡ ከምኡውን ዝርዝር ናይ ከም መርትዖ ዘቕርቦም ሰነዳትን ኣብ ናይ መን እጀታ ወይ ስልጣን ከም ዝርከቡን፡

(ለ) መበቈላውን ቕዳሕን ኣብ እጀታኡ ናይ ዚርከብ ዝኾነ ንክሱ መሰረት ዚገበሮ ሰነድ፡

(ሐ) ዘቕርቦ ምስክር ወይ ሰነድ ምስ ዘይህሉ ነዚ ዘረድእ መግለጺ።

(2) ናብ ኵሎም ተኸሰስቲ ምእንቲ ኪበጽሕ፡ እኹል ቅድሓት ክስን ምስኡ ዝተተሓሓዙ ዝርዝር ሰነዳትን ወይ መግለጺ ዘይምህላው መርትዖ ምስ መዝገብ ይተሓሓዙ።

(3) ንኡስ-ዓንቀጽ (2) ብዘየገድስ፡ ከሳሲ ንክሱ መሰረት ዚገበሮ ዝኾነ ሰነድ፡ ተቐዲሑ ንተኸሳሲ ክንዲ ዚበጽሕ ብፍቓድ ቤት ፍርዲ፡ ተኸሳሲ ኪውከሶ ክፉት ኰይኑ ኣብ ደብተር ቤት ፍርዲ ኪቕመጥ ይኽእል።

ዓንቀጽ 154. - ምግላጽ ዳንነት

(1) ከሳሲ ብቀንዲ ወይ ብኣማራጺ ይግብኣኒ እዩ ዚብሎ ዳንነት ኣብ ክሲ ብንጹር የስፍር። እንተ ኾነ፡ ብዛዕባ እቲ ልክዕ ከም ዝተሓተተ ገይሩ፡ ቤት ፍርዲ ብሕጊ ከፍቅዶ ዚኽእል ሓፈሻዊ ወይ ካልእ ዳንነት ምሕታት ኣድላዪ ኣይከውንን።

(2) ከሳሲ ኣብ በበይኑን ፍሉይን ባይታታት ዝተመስረተ ንሓያሎ ንጹራት ክስታት ወይ ምኽንያታት ክሲ ዝምልከቱ ዳንነት ኣብ ዚሓተሉ ኩነታት፡ እዞም ባይታታት እዚኦም በበይኖም ተነጺሮም ይግለጹ።

ዓንቀጽ 155. - ዘኽራኽር ንብረት ምንጻር

(1) እቲ ጉዳይ ንሓደ ፍሉይ ንብረት ዚምልከት ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት፡ እቲ ኽሲ ነቲ ንብረት ንምልላይ ሓገዝቲ ዝኾኑ ንባህርይን ዚርከበሉ ስፍራን ዚምልከቱ ኣድለይቲ ዝርዝራት ይሕዝ።

(2) እቲ ጉዳይ ንዘይንቀሳቐስ ንብረት ዚምልከት ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት፡ እቲ ኽሲ ነቲ ንብረት ንምልላይ እኹል ዝኾነ መግለጺ ይሕዝ። እቲ ንብረት ኣብ ህዝባዊ መዝገብ ወይ ኣብ ደብተር ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብዶባት ወይ ብቝጽሪ ኪለለ ዚከኣል ምስ ዚኸውን፡ እቲ ኽሲ ነቶም ኣብ ህዝባዊ መዝገብ ወይ ኣብ ደብተር ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዘሎዎ ዶባት ወይ ቍጽርታት ይጠቅስ።

ዓንቀጽ 156. - ንመጠን ክሲ ዚምልከቱ ዝርዝራት

(1) ከሳሲ ገንዘብ ኪምለሰሉ ኣብ ዚሓተሉ ኩነታት፡ እቲ ዝተሓተተ ልክዕ መጠን ናይ ገንዘብ ኣብቲ ኽሲ ይሰፍር።

(2) ከሳሲ ዚሓቶ መጠን ገንዘብ ኣብ መንጎኡን ኣብ መንጎ ተኸሳስን ዘሎ ዘይተጻረየ ሕሳብ ምስ ተጻረየ ዝብጽሖ መጠን ምስ ዚኸውን፡ ንንዋታዊ ኸለ-ስልጣን ጥራይ ዚዓለመ፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ኣብቲ ኽሲ ግምታዊ መጠን ይሰፍር።

(3) እቲ ጕዳይ ንፍሉይ ንብረት ዚምልከት ምስ ዚኸውን፡ ናይቲ ኣቕሓ ልክዕ ዋጋ ኣብቲ ኽሲ ይሰፍር።

(4) እቲ ጕዳይ ንሓፈሻዊ ንብረት ዚምልከት ምስ ዚኸውን፡ ናይቲ ኣቕሓ ህሉው ዋጋ ኣብቲ ኽሲ ይሰፍር።

ዓንቀጽ 157. - በብእዋኑ ዚፍጸም ክፍሊት

(1) እቲ ጕዳይ ተፈልዩ ኣብ ዝተወሰነ እዋን በብግዜኡ ኣታዊ ንዝኸውን ክፍሊት ዝምልከት ምስ ዚኸውን፡ ክብሪ ናይቲ ነዚ ኣታዊ ዘፍረየ ርእሰማል ኣብቲ ኽሲ ይሰፍር።

(2) እቲ ጕዳይ ተፈልዩ ኣብ ዘይተወሰነ እዋን በብግዜኡ ኣታዊ ንዚኸውን ክፍሊት ዚምልከት ምስ ዚኸውን ንንዋታዊ ኸለ-ስልጣን ጥራይ ዚዓለመ፡ ዓመታዊ መጠን ናይቲ ኣታዊ ብዕስራ (20) ረቢሑ ዚርከብ ክብሪ ኣብቲ ኽሲ ይሰፍር።

ዓንቀጽ 158. - ምርግጋጽ፡ ምኽባር ወይ ምብቃዕ መሰል

ከሳሲ፡ ብመሰረት እዞም ዝሓለፉ ዓናቕጽ ብልክዕ ግምቱ ኪምልከት ዘይከኣል መሰል ከረጋግጽ፡ ከተግብር ወይ ከብቅዕ ኣብ ዚደለየሉ ኵነታት፡ እቲ ኽሲ፡ ብእተኽእለ መጠን ንንዋታዊ ኸለ-ስልጣን ጥራይ ዚዓለመ፡ ግምት ናይቲ ጕዳይ ንረብሓ ከሳሲ ብምውሳኑ ምኽንያት ከሳሲ ኪረኽቦ ዚኽእል ገንዘባዊ ረብሓ እንተልዩ የስፍር።

ዓንቀጽ 159. - ንጽገት ክሲ ብረጂስትራር

ረጂስትራር ኣብዞም ዚስዕቡ ኵነታት ንኽሲ ይነጽግ፤

(ሀ) እቲ ኽሲ በዚ ሕጊ ብዝተደንገገ ቅጥዒ መሰረት ዘይቀረበ ምስ ዚኸውን፡

(ለ) እቲ ኽሲ በዚ መጽሓፍ ብዝተኣዘዘ ጥብቆታት ዘይተሰነየ ምስ ዚኸውን፡ ወይ

(ሐ) እቲ ኽሲ በዚ ሕጊ ብእተደልየ ኣገባብ ዘይተረጋገጸ ምስ ዚኸውን።

ዓንቀጽ 160. - ምቕባል ክሲ ብረጂስትራር

ክሲ ብመሰረት ዝሓለፉ ዓናቕጽ ዘንጽግ ምኽንያት ኣብ ዘየለወሉ ኵነታት ረጂስትራር፤

(ሀ) ነቲ ኽሲ ይቕበል፡

(ለ) ምስቲ ኽሲ ዝተተሓሓዘ መበቈላውን ቅዳሕን ናይ ዝኾነ ሰነድ ይምርምርን የነጻጽርን፡ እቲ ቅዳሕ ቅኑዕ ኰይኑ ምስ ዚረኽቦ ድማ ቅኑዕ ምዃኑ ብምምስካር ኣብ ፋይል ይምዝግብ እሞ እቲ መበቈላዊ ሰነድ፡ ምእንቲ ኪልለ ኣብኡ ምልክት ብምግባር፡ ንኸሳሲ ይመልሰሉ።

(ሐ) ነቲ ኽስን ጥብቆታትን ንቤት ፍርዲ የቕርብ።

ዓንቀጽ 161. - ንጽገት ክሲ ብቤት ፍርዲ

(1) ቤት ፍርዲ ኣብ ዚስዕብ ኵነታት ብመሰረት ዝሓለፈ ዓንቀጽ ንዝቐረበ ዝኾነ ኽሲ ይነጽግ፤

(ሀ) እቲ ኽሲ ዝኾነ ምኽንያት ክሲ ዘይገልጽ ምስ ዚኸውን፡

(ለ) እቲ ጕዳይ ካብ ክለ-ስልጣን ናይቲ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ምስ ዚኸውን።

(2) እቲ ኽሲ ንምምላስ ንብረት ዚምልከት ምስ ዚኸውን፡ ከሳሲ ብሲቪላዊ ሕጊ ዚሕተት መተኣማመኒ ትሕጃ ከየቕረበ ኣብ ዝተረፈሉ ኵነታት እቲ ኽሲ ይንጸግ።

(3) ቤት ፍርዲ፡ በዚ ዓንቀጽ መሰረት ክሲ ኣብ ዚነጽገሉ እዋን፡ ምኽንያታት ምንጻግ ብምዝርዛር፡ ትእዛዙ ኣብ መዝገብ የስፍር።

ዓንቀጽ 162. - ሳዕቤን ንጽገት

(1) ክሲ ኣብ ዝተነጽገሉ ኵነታት ረጂስትራር፡

(ሀ) ምኽንያት መንጸጊኡ ብምግላጽን፡ እቲ ጕዳይ ነቲ ምንጻግ ኣብ ግምት ከየእተወ ክርአ ከም ዚኽእል ብምሕባርን እቲ ኽስን ጥብቆታቱን ንኸሳሲ ይመልሰሉ። ከሳሲ በቲ ዝተዋህበ ምኽንያት ኣብ ዘይዓገበሉ ኵነታት፡ እቲ ናይ ረጂስትራር ውሳነ ንኪኽለስ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልትታት ናብ ቤት ፍርዲ ከመልክት ይኽእል።

(ለ) እቲ ኽሲ ኪምስርት ከሎ ብኸሳሲ ዝተኸፈለ ዳንነት እቲ ሕጊ ዘፍቅዶ ክፋል ንኸሳሲ ተመላሲ ይገብርን፡ እቲ ኽሲ ከም ዝተነጽገ ዚገልጽ ሓበሬታ ኣብ ደብተር ሲቪላዊ ኽስታት የስፍርን።

(2) ብመሰረት ዓንቀጻት 159ን 161ን ዚግበር ንጽገት ኽሲ፡ ከሳሲ ነቲ ምኽንያት ክሲ ኣመልኪቱ ሓድሽ ክሲ ካብ ምቕራብ ኣይዓግቶን።

ዓንቀጽ 163. - ምብጻሕ ክሲ

ነቲ ክሲ ዘንጽግ ምኽንያት ምስ ዘይህሉ፡ ቤት ፍርዲ ቅዳሕ ናይቲ ኽስን ጥብቆታቱን ምስ'ናይ ኣብቲ መጸዋዕታ ኣብ ዝተገልጸ ዕለት መልሲ ሒዙ ኪቐርብ ዚሕብር መጸዋዕታ ከም ዚበጽሖ ይገብር። እቲ መጸዋዕታ ብተወሳኺ ኣብቲ ዝተገልጸ ዕለት ብኣካል ይቕረብ ኣይቕረብ ወይውን ብኣካል ቀሪቡ ከብቅዕ መልሲ የምጽእ ኣየምጽእ ብዘየገድስ ምስማዕ ናይቲ ጕዳይ ከም ዚቕጽል ይሕብር።

ዓንቀጽ 164. - ትሕዝቶ መልሲ

ነፍስ-ወከፍ መልሲ፡ ሕጊ ዚእዝዞ ጥብቆታት ብምትሕሓዝ፡ ነዞም ዚስዕቡ የጠቓልል፡

(ሀ) ስምን ቦታን ናይቲ መልሲ ዚቐርበሉ ቤት ፍርዲ።

(ለ) ቍጽሪ መዝገብ ክሲ፡

(ሐ) እቲ ኽሲ ብምኽንያት ዘይምህላው ብቕዓት፡ ዘይምህላው ክለ-ስልጣን፡ ወይ ደረት ግዜ ዘይቅቡል ምዃኑ ዘርእዩ ክውንቶታት፡ እንተልዮም፡

(መ) ተኸሳሲ ጉዳዩ ንምክልኻል ዚምርኰሰሉ ኣድላዪ ክውንቶታት፡ ከምኡውን እንተ ዘይተላዒሉ ነቲ ኣንጻር ወገን ሃንደበት ከይኮኖ ዘይተርፍ፡ ብሓፈሻ ዝኾነ መከላኸሊ ባይታ ዘጠቓለለ ሓጺር ቃል፡ መልሲ ኣብ ክሲ ዘይተላዕለ ናይ ክውንቶታት ጭብጥታት ከልዕል ኣይፍቀድን።

(ረ) ንጹር ንጽገት ተኸሳሲ ዘይተቐበሎ ኣብ ክሲ ዝሰፈረ ዝኾነ ክውንቶታት፡

(ሰ) ክሲ-ተኸሳሲ ኣብ ዚህልወሉ ኩነታት ንጹር ዝርዝር ክሲ-ተኸሳሲ፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ንኽሲ-ተኸሳሲ ዚምልከት ድንጋገታት እዚ ሕጊ ተፈጻምነት ይህልዎም።

## ዓንቀጽ 165. - ጕሳዩ ክሕደት

(1) ተኸሳሲ ኣብ ክሲ ንዚቐረበ ናይ ክውንቶ ክርክር ዚገብሮ ንጽገት ነቲ ቐንዲ ቑምነገር መልሲ ብምሃብ እምበር ብጕሳዩ መልክዕ ኪኸውን ኣይግባእን። እቲ ክርክር ብብዙሓት ክውንቶታት ዝቘመ ምስ ዚኸውን፡ ሓፈሻዊ ኽሕደት እኹል ኣይከውንን።

(2) ኣብ ክሲ ዚቐርብ ነፍስ-ወከፍ ናይ ክውንቶ ክርክር ብንጹር እናተጠቐሰ ወይ ኣድላዪ ብዝኾነ እመታ እንተ ዘይተኻሒዱ፡ ወይ ኣብ መልሲ ከም ዘይተኣመነ እንተ ዘይተገሊጹ፡ ብዘይካ ኣንጻር ብቕዓት ዘይብሉ ሰብ፡ ከም ዝተኣምነ ይውሰድ። ቤት ፍርዲ፡ ብኸምዚ ኣገባብ ዝተኣምነሉ ክውንቶ፡ ብስልጣኑ ብኻልእ ኣገባብ ብመርትዖ ኪረጋገጽ ኪእዝዝ ይኽእል።

## ዓንቀጽ 166. - ዝርዝራት ምድቕቓስ

(1) ገንዘብ ንምምላስ ኣብ ዚቐርብ ክሲ፡ ተኸሳሲ ንኸሳሲ ዝእውዶ መጠኑ ዚፍለጥ ብሕጊ ኪመልሰሉ ዚግደድ ገንዘብ ከም ዘሎዎ እሞ፡ ምስቲ ከሳሲ ዚጠልቦ ክዳቐስ ኣብ ዚሓተሉ ኩነታት፡ እቲ ዝሕተት ገንዘብ ካብ ገንዘባዊ ኽለ-ስልጣን ቤት ፍርዲ ዘይዛይድ ምስ ዚኸውን፡ ከምኡውን ንኽልቲኦም ወገናት ብናይ ውልቂ መሰሎም ደረጃ ዚምልከቶም ምስ ዚኸውን፡ ተኸሳሲ ኣብ መልሱ ዝርዝር ናይቲ ኪዳቐስ ዚድለ ዘሎ ዕዳ የቕርብ።

(2) ቤት ፍርዲ፡ ንኽልቲኡ፡ ነቲ ክስን ነቲ ናይ ምድቕቓስ ጉዳይን ብዚምልከት፡ ናይ መወዳእታ ውሳነ ንምሃብ ምእንቲ ኪኽእል፡ እቲ መልሲ ኣብ ከምዚ ዚኣመሰል መስቀለኛ-ጉዳይ ምስ ክሲ ሓደ ዓይነት ውጺኢት ይህልዎ።

## ዓንቀጽ 167. - ኣብ በበይኑ ባይታታት ዝተመስረተ መከላኸሊ ወይ ምድቕቓስ

ተኸሳሲ፡ በበይኖም ተፈልዮም ኣብ ዚልለዩን ክውንቶታት ኣብ ዝተመስረተ ሓያሎ ተፈልዮም ዚልለዩ ባይታታት ናይ መከላኸሊ ወይ ምድቕቓስ ሕቶታት ኣብ ዚምርኰሰሉ ኩነታት፡ ኵሎም በበይኖምን ብንጹርን ይግለጹ።

## ዓንቀጽ 168. - ብተኸሳሲ ዚቐርብ ክሲ-ተኸሳሲ

ተኸሳሲ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ብመሰረት ዓንቀጽ 166 ዝህልዎ ሕቶ ምድቕቓስ ናይ ምቕራብ መሰል፡ ኣብ ልዕሊ ከሳሲ ዝህልዎ ክሲ ብመገዲ ክሲ-ተኸሳሲ ኼቕርብ ይኽእል። እዚ ዝኸውን ግን፡ እቲ ክሲ-ተኸሳሲ ደረታት ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ናይቲ ቤት ፍርዲ ምስ ዘይሓልፍ ጥራይ እዩ።

## ዓንቀጽ 169. - ምርመራ መልሲ

(1) ቤት ፍርዲ ኣብቲ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ 163 ዝተወሰነ መዓልቲ ነቲ መልሲ ይምርምሮ፡ ከከም ኣድላይነቱ ድንጋገታት ዓንቀጽ 159 ብተመሳሳልነት ተፈጻምነት ይህልዎም።

(2) መልሲ ኣብ ዘይተነጸገሉ ኵነታት፡ ቤት ፍርዲ ክሲ-ተኸሳሲ ወይ ናይ ምድኽቃስ ሕቶ ዘሎዎ ምኽኑን ዘይምኽኑን የጽንዕ እሞ፡ ንኸምዚ ዝመስል ክሲ-ተኸሳሲ ወይ ናይ ምድኽቃስ ሕቶ ብዚምልከት ከከም ኵነታቱ ድንጋገታት ናይዚ መጽሓፍ ብተመሳሳልነት ተፈጻምነት ይህልዎም።

(3) መልሲ ምስ ዘይቀርብ ወይ ቐሪቡ ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ ምስ ዚንጸግ፡ ዘይምቕራብ ወይ ምንጻግ መልሲ ብዘየገድስ እቲ ጒዳይ ብመሰረት ድንጋገታት ናይ ዚስዕቡ ዓናቕጽ ይቕጽል።

## ዓንቀጽ 170. - ተወሰኽቲ ጽሑፋት ክርክር

(1) ክሲ-ተኸሳሲ ወይ ሕቶ ምድኽቃስ ዝሓዘ መልሲ ምስ ዘይንጸግ፡ ቤት ፍርዲ ንኸሳሲ መልሲ ክህበሉ ዝደሊ እንተ ኾይኑ ይሓቶ እሞ፡ ኪምልሽ ድሌት ከም ዘሎዎ ምስ ተረድአ፡ መዓልቲ ቈጸራ ብምውሳን መልሲ ኸቕርብ ይእዝዞ።

(2) ኣብ ትሕቲ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ዝተወሰነ መዓልቲ ቈጸራ ምስ ኣኸለ፡ ጽሑፋት ክርክር ዝቐርበሉ መድረኽ ከም ዘብቅዓ ይገልጽ።

## ዓንቀጽ 171. - ሰነድ ንምቕራብ ዚወሃብ ምልክታ

(1) ነፍስ-ወከፍ ተኸራኻሪ ወገን፡ ቅጥዑ ብዝተኣዘዘ ምልክታ መሰረት፡ ነቲ ኻልእ ወገን ዝኾነ ሰነድ ንኸቕርብ ወይ ንኺቕበል ኪሓትት ይኽእል።

(2) ከምዚ ዝመስል ምልክታ፡ እቲ ኻልእ ወገን ምስማዕ ጒዳይ ቅድሚ ምጅማሩ መልሲ ኪህብ ምእንቲ ኪኽእል ወይ ነቲ ሰነድ ጒዳይ ኣብ ዚስምዕሉ ግዜ ምእንቲ ኸቕርብ፡ ቅድሚ ምስማዕ ጒዳይ ካብ ዓሰርተ መዓልትታት ዘይውሕድ ኣቐዲሙ ይወሃብ።

## *ምዕራፍ 3. - መጀመርታ ምስማዕ ጒዳይ*

## ዓንቀጽ 172. - ምርመራ ተኸራኸርቲ ወገናት

(1) ኣብ መጀመርታ ምስማዕ ናይቲ ኽሲ፡ ተኸራኸርቲ ወገናት ብኣካል ምስ ዚቐርቡ ቤት ፍርዲ፡ መንነት ተኸራኸርቲ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ነቲ ጽሑፋት ክርክር ብምንባብ ንነፍስ-ወከፍ ወገን ወይ ንወዳእ ነገሩ፡ ኣብ ናይቲ ኻልእ ወገን ጽሑፍ ዝቐረበ ናይ ክውንቶ ክርክር እሞ በቲ ኣንጻር ወገን ብግልጺ ወይ ብኣድላዪ እመታ ዘይተኣምነ ወይ ዘይተኻሕደ ምስ ዚኸውን፡ ዚኣምነሉ ወይ ዚኽሕዶ ምኽኑ የረጋግጽ።

(2) ኣብ ቤት ፍርዲ ብኣካል ዝቐረበ ወይ ዝተረኽበ ዝኾነ ወገን፡ ወይ ነቲ ወገን እቲ ወይ ወዳእ ነገር ኣሰንዩ ዝመጸ እሞ፡ ምስቲ ኽሲ ዝተኣሳሰር ዝኾነ ኣድላዪ ሕቶ ኪምልሽ ዚኽእል ዝኾነ ሰብ፡ ብቤት ፍርዲ ብቓል ኪሕተት ይከኣል፡ ቤት ፍርዲ ድማ ኣብ መስርሕ እቲ ምርመራ ብዝኾነ ተኸራኻሪ ወገን ዝቐረበ ሕቶ ነቲ ተሓታቲ ኸቕርብ ይኽእል።

(3) ተኸራኻሪ ወገን ብወዳእ ነገር ኣብ ዝተወከለሉ ኵነታት፡ ወዳእ ነገር ወይ ኣብ ንኡስ-ዓንቀጽ (2) ከም ዝተጠቕሰ ዝኾነ ሰብ፡ ነቲ ቤት ፍርዲ ወካሊ ኪምሊሾ ኣለዎ

ኢሉ ዚሓሰቦ፡ ወይ ወካሊ ብኣካል እንተ ተሓቲቱ ኪምልሾ ዝኽእል፡ ምስቲ ኽሲ ዝተኣሳሰረ ዝኾነ ኣድላዪ ሕቶ ምምላሽ ምስ ዚኣቢ ወይ ኪምልሽ ምስ ዘይክል፡ ቤት ፍርዲ ነቲ ምስማዕ ናብ ካልእ መዓልቲ የሰጋግሮ እሞ፡ እቲ ወገን እቲ በቲ ዝተቘጽረ ዕለት ብኣካል ንኺቐርብ ብመጸዋዕታ ኪእዝዝ ይኽእል።

(4) ኣብ ትሕትዚ ዓንቀጽ ናይ ዝተኻየደ ምርመራ ትሕዝቶን ኣብቲ መስርሕ ዝተጋህደ ምእ'ማን ወይ ዝተገብረ ክሕደት ብቤት ፍርዲ ይምዝገብ እሞ፡ ኣካል ናይቲ መዝገብ ይኸውን።

ዓንቀጽ 173. - ውሳነ ብመሰረት ምእ'ማን

ሓደ ወገን ንሓቅነት ናይቲ ዝቐረበሉ ጕዳይ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ብመገዲ እቲ ዘቕረቦ ጽሑፈ-ኽርክር ወይ ብኻልእ መገዲ ብጽሑፍ ኣብ ዚኣመነሉ ግዜ፡ ወይ ኣብ ምርመራ ብዝቐረቡ ክውንቶታት ምስ ዚኣምን፡ እቲ ኻልእ ወገን ኣብ መንንቶም ተኻራኽርቲ ወገናት ዚህሉ ዝኾነ ኻልእ ሕቶ ክሳዕ ዚውሰን ከይተጸበየ፡ ድሕርቲ ምእ'ማን ዚግብኦ ንኺወሃቦ ክእዘዘሉ ወይ ውሳነ ኪወሃቦ ናብ ቤት ፍርዲ ከመልክት ይኽእል፡ ቤት ፍርዲ ድማ ብእኡ መሰረት ቕኑዕ ኰይኑ ዝተራእዮ ውሳነ ወይ ትእዛዝ ይህብ።

ዓንቀጽ 174. - ኣብ መጻኢ ዚወሃብ መብርሂ

ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ዳሕረዋይ መድረኻት ናይቲ ኽሲ፡ ዝኾነ ካብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ብሓደ ክውንቶ ወይ ሰነድ ንኪኣምኑ ካብ ምጽዋዕ ብዝኾነ ኣብ ዝሓለፉ ዓናቕጽ ዝሰፈሩ ድንጋገታት ኣይዕገትን፡ እቲ ወገን ነቲ ኽውንቶ ወይ ሰነድ ከም ዚኣመነ ወይ ምእ'ማን ከም ዚኣበየ ወይ ምምላሽ ከም ዚኣበየ ይምዝግቦ እሞ፡ ብእኡ መሰረት ውሳነ ኺህብ ወይ ቅኑዕ መሲሉ ዝተራእዮ ካልእ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል።

ዓንቀጽ 175. - ፈለማዊ ተቓውሞታት

(1) ቤት ፍርዲ፡ ነቲ ጕዳይ ንምውሳን ቅድሚ ምቕጻሉ፡ ብተኸራኸርቲ ወገናት ዝተላዕሉ ፈለማዊ ተቓውሞታት ምስ ዚህልው ይውስን።

(2) ዝኾነ ወገን፡ ዝኾነ ካብዞም ዚስዕቡ ምስ ዘልዕል፡ ድንጋገታት ዓንቀጽ 176 ተፈጻምነት ይህልዎም፤

(ሀ) እቲ ቤት ፍርዲ ክለ-ስልጣን ከም ዘይብሉ፡

(ለ) ርእሰ ነገር ናይቲ ጕዳይ ተወሲኑ ከም ዝሓደረ፡

(ሐ) እቲ ጕዳይ ኣብ ካልእ ቤት ፍርዲ ይርአ ምህላዉ፡

(መ) እቲ ኻልእ ወገን ኣብዚ መስርሕ ዳንነት ክሳተፍ ብቕዓት ከም ዘይብሉ፡

(ረ) ብሕጊ ዚሕተት ምስ ዚኸውን፡ ኣቐዲሙ ኪርከብ ዚግባእ ናይ ምኽሳስ ፍቓድ ከም ዘይተረኸበ፡

(ሰ) እቲ ኽሲ ብደረት ግዜ ከም ዝተዓገተ፡ ወይ

(ሸ) እቲ ጕዳይ ብሽማግልና ኪፍታሕ ተታሒዙ ምህላዉ፡ ወይ ኣቐዲሙ ብዕርቂ ዝተወደአ ወይ ስምምዕ ዝተገብረሉ ምዃኑ።

(3) ኣብ ትሕትዚ ዓንቀጽ ካብ ሓደ ንላዕሊ ተቓውሞታት ኣብ ዝቐርበሉ ኹነታት፡ ኵሎም ተቓውሞታት ብሓንሳብ ይቐርቡ። ኣብ ዝቐልጠፈ ዚከኣል ዕድል ዘይቐረበ ዝኾነ ተቓውሞ፡ ናይ መቃወሚያ ባይታኡ ብቑዕ ውሳነ ከይወሃብ ዝዓግት ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ብፍላጥ ከም ዝተሓድገ ይሕሰብ።

ዓንቀጽ 176. - ኣብ ተቓውሞ ዚወሃብ ውሳነ

(1) ቤት ፍርዲ፡ ንምውሳን ኣድለይቲ ኪኾኑ ዝኽእሉ መርትዖታት ኪቐርብ ድሕሪ ምእዛዝን እቲ ኻልእ ወገን ዝብሎ ድሕሪ ምስማዕን፡ ኣብ ዝቐርበሉ ተቓውሞ ብይን ይህብ።

(2) ቤት ፍርዲ፡ እቲ ተቓውሞ ምኽኑይ ምዃኑ ኣብ ዚዓግበሉ ኹነታት፡ ነቲ ኽሲ ኪዓጽዎ ወይ ቅኑዕ መሲሉ ዝተራእዮ ካልእ ትእዛዝ ይህብ።

(3) እቲ ኽሲ ብሕጊ ዝተኸልከለ ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ምዕጻው ናይቲ ኽሲ፡ ነቲ ምኽንያት ክሲ ኣመልኪቱ ሓድሽ ክሲ ካብ ምቕራብ ኣይዓግትን። ቤት ፍርዲ ድማ፡ ግቡእ ኣብ ዝኾነሉ ጕዳያት፡ ንኸሳሲ ክሊ-ስልጣን ኣብ ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ወይ እቲ ቅድም ዝተመስረተ ክሲ ተታሒዙሉ ኣብ ዘሎ ቤት ፍርዲ ኪኸስስ ከም ዚኽእል ይሕብሮ።

(4) ሓደ ክሲ ብጕድለት ክሊ-ስልጣን ኣብ ዝተዓጽወሉ ኹነታት፡ ክፋል ናይቲ ዝተኸፈለ ናይ ዳንነት ተመላሲ ይኸውን።

(5) ኣብ ትሕትዚ ዓንቀጽ ዝተዋህበ ዝኾነ ብይን ምስ ምኽንያቱ ኣብ መዝገብ ይሰፍር።

ዓንቀጽ 177. - ምሓዝ ጭብጥታት

(1) ዝኾነ ፈለማዊ ተቓውሞ እንተ ነይሩ፡ ቤት ፍርዲ፡ ብዛዕባኡ ውሳነ ድሕሪ ምሃቡ፡ ተኸራኸርቲ ወገናት ኣበየናይ ናይ ክውንቶ ወይ ናይ ሕጊ ነጥቢ ከም ዝተፈላለዩ ኣረጋጊጹ ቅኑዕ ውሳነ ናይቲ ጕዳይ ዝምርኰሰሎም ጭብጥታት ይሕዝን ኣብ መዝገብ የስፍርን።

(2) ኣብ መጀመርታ ምስማዕ ናይቲ ኽሲ፡ ተኸሳሲ መልሲ ከይሃበ ኣብ ዝተረፈሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ ብመሰረት ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ጭብጢ ኺሕዝን ኪምዝግብን ኣይግደድን።

ዓንቀጽ 178. - ትርጉም ጭብጢ

(1) ጭብጥታት ዚልዓሉ ሓደ ኣድላዪ ናይ ክውንቶ ወይ ናይ ሕጊ እማመ ብሓደ ኻብ ተኸራኻሪ ወገን ቅቡል ኰይኑ በቲ ኻልእ ምስ ዚንጸግ እዩ።

(2) ኣድለይቲ እማመታት ዚበሃሉ፡ ከሳሲ ናይ ምኽሳስ መሰሉ ንምርኣይ ወይ ተኸሳሲ ወይ መከላኸሊኡ ንምምስራት ከም ምጕት ክቕርቡዎም ዘሎዎም ናይ ክውንቶ ወይ ናይ ሕጊ እማመታት እዮም።

(3) ብሓደ ተኸራኻሪ ወገን ቅቡል ኰይኑ በቲ ኻልእ ዝተነጸገ ኣድላዪ እማመ ሓደ ተፈልዩ ዝልለ ጭብጢ የቑውም።

(4) ኣብ ሓደ ክሲ ናይ ክውንቶን ናይ ሕግን ጭብጥታት ኣብ ዝተላዕለሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ፡ እቲ ጕዳይ ወይ ዝኾነ ክፋል ካብኡ ነቲ ናይ ሕጊ ጭብጢ ጥራይ

ብምውሳን ኪውገን ከም ዚከኣል እንተ ኣሚኑ እሞ፡ እቲ ጭብጢ ንዚስዕብ ጉዳያት ዚምልከት ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ መጀመርታ ነቲ ጭብጢ ይውስን። ቐኑዕ መሲሉ ኣብ ዝተራእዮ ኵነታት ድማ ነዚ ዕላማ ኪብል፡ ክሳዕ እዚ ጭብጢ ዚውሰን ናይቲ ጉዳይ ውሳነ ብቘጸራ ከጽንሖ ይኽእል።

ዓንቀጽ 179. - ጭብጢ ኺርከብሎም ዝኽእሉ ነገራት

ቤት ፍርዲ ጭብጢ ካብ ኵሎም እዞም ዚስዕቡ ወይ ካብ ዝኾነ ካብኣቶም ከወጽእ ይኽእል፤

(1) ኣብ ጽሑፋት ክርክር ዝቐረቡ ምጉታት፡

(2) ካብ ትሕዝቶ ብዝኾነ ካብ ተኻራኽርቲ ወገናት ዝቐረበ ሰነዳት፡

(3) ብመሰረት ዓንቀጽ 172 ኣብ ዝግበር ምርመራ ብተኸራኸርቲ ወገናት ወይ ኣብ ክንድኦም ብዚቐረቡ ሰባት ወይ ብወዳእቲ ነገር ናይቶም ተኻራኸርቲ ወገናት ካብ ዝቐረበ ምጉታት።

ዓንቀጽ 180. - ቤት ፍርዲ ጭብጢ ቕድሚ ምሓዙ መሰኻኽር ወይ ሰነዳት ኪምርምር ይኽእል

ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ዘይቐረበ ሰብ ከይተሓተተ ወይ ዛጊት ኣብቲ ኸሲ ዘይቐረበ ምስቲ ጉዳይ ምትእስሳር ዘሎዎ ገለ ሰነድ ከይተመርመረ፡ እቲ መጫበጢ ሕቶታት ብቕኑዕ ኪስራዕ ከም ዘይከኣል ኣብ ዝገመተሉ ግዜ፡ ነቲ ምምስራት ናይ መጫበጢ ሕቶታት ናብ መጻኢ ዕለት ኪቘጽሮ፡ ከምኡውን ብመጸዋዕታ ወይ ብኻልእ መስርሕ ዝተደልየ ዝኾነ ሰብ ኪርከብ ወይ ኣብ እጀታኡ ወይ ኣብ ስልጣኑ ዝኾነ ሰነድ ዝሓዘ ሰብ ነቲ ሰነድ ከቕርብ ከገድድ ይኽእል።

ዓንቀጽ 181. - ግምት ክሲ ኣከራኻሪ ምስ ዚኸውን

ተኸራኸርቲ ወገናት ብዛዕባ ግምት ወይ ክብሪ ናይቲ ኸሲ ምስ ዘይሰማምዑ፡ ቤት ፍርዲ ምውጻእ ናይ ጭበጢ ንኻልእ መዓልቲ ብምትሕልላፍ ክኢላ ይመዝዝ።

ዓንቀጽ 182. - ምምሕያሽን ምስራዝን ጭብጢ

(1) ቤት ፍርዲ፡ ውሳነ ቅድሚ ኣብ ዝኾነ ግዜ፡ ተታሒዞም ዝጸንሑ ጭብጥታት ከመሓይሽ ወይ ቅኑዕ መሲሉ ምስ ዚረኣዮ ተወሰኽቲ ጭብጥታት ኪሕዝ ይኽእል። ከምኡውን ኣብ መንጎ ተኸራኸርቲ ወገናት ዘለዉ ኣከራኸርቲ ጉዳያት ንምውሳን ኣድለይቲ ኪኾኑ ዚኽእሉ ኹሎም ከምዚ ዚመስሉ ምምሕያሻት ወይ ሓደስቲ ጭብጥታት ይስርዑ ወይ ይተሓዙ።

(2) ቤት ፍርዲ፡ ውሳነ ቅድሚ ምሃቡ ኣብ ዝኾነ ግዜ፡ ብጌጋ ተታሒዞም ወይ ቀሪቦም ዚረኸቦም ጭብጥታት ኪስርዝ ይኽእል።

ዓንቀጽ 183. - ናይ ክውንቶ ወይ ናይ ሕጊ ሕቶታት ብመልክዕ ጭብጢ ኺግለጹ ከም ዚኽእሉ

ተኸራኸርቲ ወገናት ኣብ መንጎኦም ኪውሰን ብዛዕባ ዘሎዎ ናይ ክውንቶ ወይ ናይ ሕጊ ሕቶ ኣብ ዝተሰማምዑሉ ኹነታት፡ ነቲ ናይ ክውንቶ ወይ ናይ ሕጊ ሕቶ ብመልክዕ ጭብጢ ብምምስራት፡ ከምኡውን ብጹሑፉ ብዝተገብረ ስምምዕ ቤት ፍርዲ ነቲ ኸምዚ ዝመስል ጭብጢ ብእወታ ወይ ኣሉታ መደምደምታ ብዝብጽሖ መሰረት በዚ ዝስዕብ ኣብ ስምምዕ ኪኣትው ይኽእሉ፤

(ሀ) ኣብቲ ስምምዕ ዝተጠቕሰ ወይ ብቤት ፍርዲ ወይ ቤት ፍርዲ ብዝመርሖ ኣገባብ ኪረጋገጽ ዘሎዎ መጠን ገንዘብ ብሓደ ኻብኣቶም ኣብ ስምምዕ ዝተጠቕሰ ገለ መሰል ከም ዝረኸበ ወይ ናይ ዕዳ ተሓታቲ ምዃኑ ይግለጽ፡ ወይ

(ለ) ኣብቲ ስምምዕ ዝተጠቕሰ እሞ ኣብቲ ኽሲ ከኽራኽር ዝጸነሐ ገለ ንብረት፡ ብሓደ ኻብቶም ተኸራኸርቲ ወገናት ናብቲ ኻልእ ኪመርሖ ብዝኽእል መሰረት ይርከብ፡

(ሐ) ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ካብቶ'ም ተወዓዓልቲ ወገናት፡ ኣብቲ ስምምዕ ዝተጠቕሰን ኣብ ክርክር ምስ ዘሎ ጕዳይ ዝተኣሳሰርን ገለ ፍሉይ ተግባር ይፍጽም ወይ ካብ ምፍጻም ይዕቀብ።

ዓንቀጽ 184.- ብቕኑዕ መንፈስ ኣብ ዝተፈጸመ ስምምዕ ዝወሃብ ውሳነ

(1) ቤት ፍርዲ፡ ኣድላዪ ዝበሎ ምርመራ ድሕሪ ምክያድ፡

(ሀ) እቲ ስምምዕ ብኽልቲኦም ወገናት ብግቡእ ከም ዝተፈጸመ፡

(ለ) ኣቐዲሙ ከም ዝተገልጸ ክልቲኣቶም ወገናት ኣብ ምውሳን ናይቲ ሕቶ ዓብዪ ተገዳስነት ከም ዘሎዎም፡ ከምኡውን

(ሐ) እቲ ጕዳይ ክፍረድን ውሳነ ኪወሃቦን ብቑዕ ምዃኑ ኣብ ዘረግጸሉ ኹነታት፡ ነቲ መጫበጢ ነጥብታት ልክዕ ባዕሉ ከም ዚሰርዖ ተሓሲቡ ብሓደ ዓይነት ኣገባብ ነቲ ነጥብታት ይምዝግብን ይፈርድን፡ ከምኡውን ዝበጽሖ መደምደምታ ወይ ውሳነኡ ይገልጽ።

(2) ቤት ፍርዲ፡ ነቶም መጫበጢ ሕቶታት ብዚምልከት ኣብ መደምደምታ ወይ ውሳነ ድሕሪ ምብጽሑ፡ ነቲ ስምምዕ ኣብ ግምት ብምእታው ይውስን።

ዓንቀጽ 185.- ዘከራኽር መጫበጢ ዘይብሎም ወገናት

(1) ቤት ፍርዲ ፈለማዊ ተቓውሞ ቀሪቡሉ ምስ ዚነብር፡ ብይን ድሕሪ ምሃቡ ኣብ መንጎ ተኸራኸርቲ ወገናት ኣብ ሕቶ ሕጊ ይኹን ኣብ ሕቶ ክውንቶ ዘከራኽር ነጥቢ ከም ዘየለ ምስ ዘረጋግጽ፡ ብኡንብኡ ውሳነ ኺህብ ይኽእል።

(2) ካብ ሓያሎ ተኸሰስቲ ዝኾነ ተኸሳሲ ምስ ከሳሲ ኣብ ሕቶ ሕጊ ይኹን ኣብ ሕቶ ክውንቶ ዘከራኽር ዘይብሉ ኰይኑ ኣብ ዝተረኸበሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ ኣንጻር ወይ ንረብሓ እቲ ኸምዚ ዝመስል ተኸሳሲ ብኡብኡ ውሳነ ኺህብ ይኽእል፡ እቲ ኽሲ ድማ ኣንጻር እቶም ካልኦት ተኸሰስቲ ጥራይ ይቕጽል።

ዓንቀጽ 186.- ዘከራኽር ሕቶታት ዘሎዎም ተኸራኸርቲ ወገናት

(1) ተኸራኸርቲ ወገናት ኣብ ገለ ሕቶ ናይ ሕጊ ወይ ናይ ክውንቶ ዘከራኽር መጫበጢ ሕቶታት ምስ ዚህልዎም እሞ፡ እቶም መጫበጢ ሕቶታት ቅድም ኢሉ ብዝተገልጸ ድንጋገ መሰረት ብቤት ፍርዲ ዝተሰርዑ ምስ ዚኾኑ፡ ነቲ ኽሲ ውሳነ ንምሃብ ተኸራኸርቲ ወገናት ሽዑ ኣብ ሓደ ግዜ ከቕርቡዎ ካብ ዚኽእሉ ዝያዳ መርትዖ ከቕርቡ ወይ ዝያዳ ክርክር ኪገብሩ ኣድላዪ ከም ዘይኰነን ነቲ ኽሲ ብእኡ መሰረት ብምውጋን ፍትሒ ዘይጕድል ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣብ ዘረጋግጸሉ ኹነታት፡ ብኡብኡ ነቶም መጫበጢ ሕቶታት ኪውስን ይኽእል።

(2) ነቶም መጫበጢ ሕቶታት ብዚምልከት ዝተበጽሐ መደምደምታ ውሳነ ንምሃብ እኹል ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ ቤት ፍርዲ ብመሰረት እዚ መደምደምታ ውሳነ ኺህብ ይኽእል።

ዓንቀጽ 187. - መርትዖ ከተቕርብ ዘይምኽኣል

(1) ብጕድለት ዝኾነ ካብ ተኸራኸርቲ ወገናት ኣብቲ ጕዳይ ኪቐርብ ዚግባእ መርትዖ ኸይቀረበ ምስ ዝተርፍ፡ ቤት ፍርዲ ብኡብኡ ውሳነ ኺህብ ወይ ብቚዕ እዩ ዚብሎ ምኽንያት ኣብ መዝገብ ብምስፋርን ንኪሳራ ይኹን ካልኦት ነገራት ብዚምልከት ኣድላዪ ዝበሎ ትእዛዝ ብምሃብ ምስማዕ ናይቲ ጕዳይ ንመጻኢ ኪቚጽሮ ይኽእል።

(2) እቲ ኽሲ ንተሸራፊ ሰነድ ዚምልከት ኰይኑ እቲ ሰነድ ምጥፍኡ ብመርትዖ ምስ ዚረጋገጽ፡ ከሳሲ ነቲ ሰነድ ኣመልኪቱ ዝኾነ ሰብ ከቕርቦ ንዝኽእል ክሲ ንቤት ፍርዲ ዘዕግብ ውሕስነት ምስ ዘቕርብ፡ ቤት ፍርዲ እቲ ሰነድ ኣብ ዝቐረበሉ ኹነታት ኪወሃብ ዝኽእል ውሳነ ኺህብ ይኽእል።